ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ CALM በጀት ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑት ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 22, 2018 (ቅድሚ 9 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 6, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:110000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 6, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ቁፅሪ ፋ/ም/ሃ/15/ግ-ጨ/01

ዕለት21/05/2018 ዓ/ም

ን2” ጊዜ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቑፅሪ 06/2018

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ CALM በጀት ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑት ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣ ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቑፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ንተወሳኪ እሴት ታክሲ / VAT ዝተመዝገበ፣ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ ታሕሳስ/2018 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ልዕሊ 60% ዝኾኑ ናይ በዝሒ ሰራሕተኛታት ቆፂሮም እተስርሕዎም ኣካል ወይ ኣእምሮ ጉዳኣት

ዘለዎም በቲ ዘርፊ ፍቃድ ካብ ትርከብዎ በዓል መዚ ልምዓት እቶት ናይ 2018 ዓ/ም ድጋፍ ደብዳቤ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

5. ናይ ዘመኑ 2017 ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈልኩም ምኻኑ ካብ በዓል መዚ ልምዓት እቶት መረዳእታ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

6. ሰዓራይ ዝኾኑ ተጫረቲ 3% withholding tux እና Vat በቲ መምርሒ መሰረት ብዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ተቆሪፁ ዝተርፍ ምካኑ፣

7. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ እስፔስፍኬሽን መሰረት ከቅርብ ዝኽእል ፣

8. ተጫራቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሽምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርብ ዝኽእል፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን፣ማህተምን ፈርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

10. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 200.00/ ክልተ ሚዒቲ ቅርሺ ጥራሕ/ እናኸፈልኩም ካብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዳ/ዳሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 /2-01 ካብ 22/05/2018 ዓ/ም ክሳብ 05/06/2018 ዓ/ም ሰዓት 10፡30 ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቕራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል፣

11. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ብር 110,000.00/ ሓደ ሚዒትን ኣሰርተን ሽሕ ብር ጥራሕ/ ብሽም ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን /Bureau of finance & Resource Coordination/ ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቕርብ ዝኽእል፣

12. እቲ ጨረታ ዕለት 06/06/2018 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4:00 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 4፡30 ቅ/ሰዓት ኣብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

13. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14. እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቕንስ/ክውስክ/ ይክእል እዩ።

15. ሰዓራይ እቲ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ድማ ብበዓል ሙያ ኣይስቲ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምሰተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

16. ንዝበለፀ ሓበሬታ ሞባይል ቑፅሪ 0914775963 ደዊልካ ምሕታት ዝካኣል ምኟኑ ንሕብር ።

“ምስ ሰላምታ”

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ክልል ትግራይ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle